1

?+?

*ኣንቱም ፍቱዋት ዚኾንኩም ውሉድ! ኑቲ፦ ብላእከ እግዚኣብሔር ዚኾነ ረቂቅ-ፍጥረት፣*

**"እንሆ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ-ዳዊት ተወሊድልኩም ስለ ዘሎ....ዓቢይ ሓጎስ ኣበስረኩም ኣሎኹ እሞ ኣይ-ትፍርሑ..."**

ንዝተባህለኩም ሰማያዊ ዚኾነ ሰናይ ብሥራት፡ ሰሚዕኩምዎዶ ትኾኑ?፧?

?+?

እንታትዮ ዘሎና ዕለታት፡ ብሓቂ ናይ ሓጎሰ-ፍስሓ ዕለታተ-ዝኽሪ ኰይኑና'ዩ ዚርከብ። ዓመት-መጸ ዝኽሪ ሰላም ኪብሰረልና እንተ-ተረኺቡ፡ ብሓቂ ንእንታትዮ ሕይወትና ዚሳሲ ስንቂ ኰይኑ ኪርከበሉ ዚኽእል ህያብ ስለ-ዚኾነ፣ "ተገብረ፡ ተባህለ፡ ተዋህበ፡ ተወርሰ..." ተባሂሉ ብእንታይ-ግደይ ዚብል ሓሳባት ተዓፊኑ ናብ ጐኒ ዚውገን ርኽበት ከም-ዘይ-ኮነ ክንፈልጦ ዚግብኣና ሃብቲ ምኻኑ'ዩ። እዚ "ተሓጐሱ" ዚብል መልእኽቲ ካብ ዚስማዕ ድሮ ዘመን-ኣዝማናት ከም-ዚሓለፈ እሞ ኸዓ ነቲ ዚተመሓላለፈ ብስራት "ብእምነት" ተቀቢሎም ዚዓየይዎ ከም-ዚተረኽቡ ዚምስክር እዩ፣፣ ብኻልእ ዅርናዕ ከዓ እንደገና ካልእ ጕጅለ፡ "ነዝስ ኣይ-ንቅበሎ" ብምባል ከናሸውዎ ዚተረኽቡ፡ እሞ ኸዓ ዘመኖም ኣኽቲሞም ዚሓለፉ ለባውያን-ውሉድ ከም-ዚተረኽቡ'ውን ኣሉታዊ መልሲ ዘይ-ይወሃቦ ማሕበራዊ ዚኾነ ታሪኻዊ-ጭብጥነት ዘሎዎ እዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ህልው-ኩነትና ንድሕሪት ምልስ ቢልና እንተ-ተመልከትና እንበኣር፦ "ኣሚንኩምዶ ኣሎኹም፧" ንዚብል ሓተታ ክንምልስ ብቅዓትን፡ ውሳኔን፡ ከምዘሎና ከነርኢ ይግባእ። ንብሂለ-ታሪኽ ክትሰምዮን፡ ከተስምዮን ምንም ዘጸግም ጥበብ ኣይ-ኮነን። "ክብሪ እግዚኣብሔር" ኣብ ዙርያኻ በሪሁ ምህላዉ ተገንዚብካ ናይ "ምፍራሕን"፡ ናይ "ምሕጓስን" ምልክት ከተርኢ እንተ-ዘይ-ተረኺብካ፣ ብሕይወት ኣሎኹ ናይ ምባልካ ኩነት ኣብ ምልክት ሕቶ'ዩ ዚተርፍን፡ ዚኣቱን። ዚኣምኑን፡ ዘይ-ኣምኑን፣ ክርስትያን ዚኾኑን፡ ዘይ-ኮኑን ለባውያን-ፍጥረት፣ ብዘደንቅ እሞ ኸዓ ረቶሪክን፡ ስነ-ሞጎታውን፡ ብዚመስል ኣገባብ፣ መደረኦም ከስምዑና ይክኣል'ዩ ብፍላይ ኣብ'ዚ ህልው ቍስ-ኣካላዊ ዚኾነ ዘመና። ታሪኽ ከም'ዚ ነበረን፡ ከም'ቲ ኣይ-ነበረን፦ እና-ተባህለ'ውን ነቲ ኪህልወና ንዚግብኦ ተፈጥሮኣዊ እሞ ኸዓ ማሕበራዊ ዚኾነ፡ ሰናይን፡ እውነተኛ ነገርን፣ ናብ ጐድኒ ኣቀሚጥና ብጥርጣሬ ተዓቢጥና፡ ናብ ናይ ዘይ-ምእማን ጐደና ንኽንዓሉ ክደፋፍኣና ይክኣል'ዩ፣፣ ማለት፦ ነቲ ግላዊ-ኩነትና

“ብእውነተኛ ዚኾነ መንፈሳዊ ሲሳይ” ክንሳስዮ እንተ-ዘይ-ተረኺብና። ሓቂ’ዩ! እቱይ “መንፈሳዊ-ሲሳይ” ዚበሃለልና ዘሎኺ፡ እንታይን፡ ከመይን’ዩ ኢልና ንክንሓትት፡ እሞ መልሲ ንክንስእን መኽላእታ ዚኾነና መጋረጃ ኪገጥመናን፡ ኪዓጽወናን ኣይ-ግባእን። “መንፈሳዊ-ሲሳይና” እንብሎ ረቂቅ-ርኽበት፣ እታ ምድራዊት እኖ ዚኾነትና “ቤተ-ክርስትያና” ኢያ። ንሳ እታ ቤተክርስትያን፦ ንጽድቂ ገጽና መጕዓዚ ንምእንቲ ኪኾነና ቢላ፡ ነቲ ኾሉ ከም-ስንቂ ኰይኑ ከገልግለልና ንዚኽእል መምሃሪ ንዚኾነ “መንፈሳዊ-ሓይላት” እተስተምህረናን፡ እትዕድለልናን ስለ-ዚኾነት፣ “ጒምጃ-ወርቅና” ኢያ። ኣሎናን፡ ክህልወና’ውን ይግብኦ’ዩ፡ ናይ እንብሎ ርኽበታት ኩሉ፡ መሠረተ-ምንጪ ስለ-ዚኾነትና፣ እቱይ ዕለተ-ዕለት እንትዝክሮን፡ እንሰብኮን፡ ኣዋጅ-ድሕነት፣ ብህላዌነታ ስለ-ዚግለጸልና፣ ናይ “ምምስካርን”፡ ናይ “ምእማንን”፡ ናይ “ምፍቃርን” ኩነትና ጥራሕ ከነደላድል ከም-ዚግብኣና ምግንዛብ’ዩ። ፍጻሜ ዚረኽበ ታሪኽ፣ ብፍላይ ከዓ “ታሪኽ-ድሕነት”፣ ንክንመሃሮን፡ ንክንማጕተሉን፡ ምድግጋም ዘድልዮ ትምህርተ-ፍልስፍና ኣይ-ኮነን። ንወትሩ “ክንኣምኖን”፡ “ብተግባር ክን-ነብረሉን” ዘሎና፦ እሞ ኸዓ፡ ንሓደ-ጊዜው፡ ብምድራዊ-መዋዕል ዘለዓለማውነት ተላቢሱ፣ ታሪኻዊ ኰይኑ ዚነብር ህያበ-ድሕነት እዩ። ዕለተ-ተዘክሮ ናይ ሎሚ-ዕለታትና ከዓ ነዚ መልእኽቲ’ዚ’ዩ ዘመሓላልፈልና። እወ! ፈሊጠዮ’ሎኹ፣ ኣብ ምድረ-ኣፍራታ፡ ቍሸት ቤተ-ልሔም’ዩ ተወሊዱ፣ ክንብል እንተ-ተረኺብና፡ መልስና ኣቅጣጫኣ ስሒታ ከም-ዘላ ንኽግምገም ኣይ-ኣሸግርን። ኣብ “ቍሸት ቤተ-ልሔም”...ዚብል መልሲ... “ኣብ ልቢ-ነፍስወከፍ እዩ ተወሊዱ” ናብ ዚብል ክሳብ ዚልወጥን፡ ክሳብ ዚእመንን፣ እታ ታሪኻዊ ናይ ድሕነት ፍጻሜ ዚረኽበት ሓተታ ኣይ-ከተቋርጽን ኢያ። ግቡእ መልሲ ኪህቡ ናብ ዚተረኽቡ ውሉድ-ግን፡ ከተኸትም እያ። ኣባና ኣብ ናይ ሎሚ ውሉድ ከዓ፡ ሔዚ ኣብ’ዛ ሰዓት’ዚኣን፡ ኣብ’ዚ ዕለታት’ዝን ንከተኸትም ተስፋ’ሎኒ። ኣብ’ታ ዚተናዕቀት ንእሽቶይ ቍሸት ቤተ-ልሔም ጥራሕ’ዩ ተወሊዱ ኢልና ክንዲ ንግዕር፣ ኣይ-ፋሉን! ኣብ ልበይን፡ ልባትናን’ዩ ቦታ ተዋሂቡዎ ዘሎ ንኽንብል ንኽንርከብ’ዩ ናይ ሎሚ መጸዋዕታና። ርሑስ በዓለ-ዝኽረ ይግበረልና። ኣሜን-ወኣሜን።

ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod-2023